# <u>ንልዑላውነት ምምካት</u>

ዘሎ መድረኽ ብሩህ እዩ ንኩላህና

ኣቢይ ኣሕመድ መደረ ከስምዕ እንከሎ ሰሚዕና

ብርሃኑ ጁላ ክፍክርዶ ከይረኣና

ናይ ጀ/ል ኣበባው ኣብ ዓሰብ የራኽበና

ዝብል ፈኸራ ብዓይንና ኣንቢብና

ናይ በዓል ጻድቃን ጠለምቲ ብዓንተብኡ እንዳ ፈለጥና

ሕጂ ነቲ ናይ ቀደም ሕልሞም ክቕይሩ'ዶ ተጸቢና

ናይ ኦሮሞ ናይ ኣቢይ ልኡኻት ተወሲኽሙና

ክንደየናይ ከይውዕልዎ ብማለት ከይተገራህና

ኣይሰልጦሞን እዩ ኣይዕወቱን እዮም ከይበልና

እቲ ዝግበር ክንመክር ክንሓስብ ኣሎና

ከሎ ጌና መደብና ብጽፉፍ ሓንጺጽና

ንኸይፍትኑ ብኣግኡ ከነፍልጦም ኣሎና

ብሓድነት ብስምረት ብሓደ ድምጺ ዓው ኢልና

ሓድነትናን ጽንዓትናን ከንፍልጦም ኢና

ኣሕሊፍና ከምዘይንህብ ክቡር ልዑላውነትና

ከም ዘይነድፍር  ሃገርነት ኤርትራና

ኣሕሊፍና ከምዘይንህብ ንጹር ዶባትና

ከምዘይነፍቅድ ብሓይሊ ክጥቀሙሉ ዓሰብ ወደብና

ልቢ ገይሮም እንተ ሓሰቡ እንተ ሰምዑና

ከምዘይሰልጦም ተረዲኦም ብእዋኑ ከሎ ጌና

ናብ ልቦም ተመሊሶም ነጻነትና ከኽብሩልና

ብቐሳነት ክነነብር ኣብታ ንፈትዋ ሃገርና።

እንተ ዘይኮነ ግን ብኸሎ ጌና ከነጠንቅቐም

ዘሎና ፍልልይ ብምርኣይ ከይስጉሙ ተሃንጥዮም

ከምዘይዕወቱ ብምፍላጥ ክንክይዎ ፈኸርኦም

ታሪኾም ዘኪሮም ክሓስብሉ ክላቐቑ ካብ ትዕቢቶም

ብንጹርን ብግሉጽን ምእንቲ ክርድኦም

ልዑላውነትና ኤሕሊፍና ከምዘይንህብ ክሰወጦም

ካብ ጥንቲ ንጹር እዩ እቲ ድሌቶም

ናይ ምግባትን ናይ ምስፍሕፋሕን ህርፋኖም

ዝተሳዕሩ ኩነታት ስለ ዘይፈቐደሎም

እምበር ካብ መዓስ ከ ቀሲኖም ደቂሶም

ናይ ወደባትን ባሕርን ክቱር ድሌታቶም

ንሕና ጉዳይና ንግበር ክንምክት ሕልምታቶም

ብልቦናን ልዝብን ሓድነትን ከነፍሽል መደባቶም

ብግሁድ ብንጹር ካብ ገለጽዎ ትልሚታቶም

ዓሰብ ናህና እያ ካብ በሉ ብመርበባቶም

ካልኣዊ ሽግራትና ወጊንና ክንገጥሞም

ምኳና ብሓደ ድምጽን መረገጽን ክንምክቶም

ብዝርድእዎ ቋንቋ ብንጹር ከነብራሃሎም

ከነፍሽሎ ምኳና ነቲ ናይ ወራር ስትራተጂኦም።

ደቂ ሃገር ጽን ኢልኩም ስምዑኒ

ገለ መልእኽቲ ከሕልፍ ዕድል ሃቡኒ

ካብ ውሽጢ ልበይ ዝብለኩም ቀብ ኣብሉኒ

ካብ ሕልናይ ንዝምሕጸነኩም ሽለል ኣይትበሉኒ

እልምነኩም ብቅኑዕ ክትርድኡኒ

ኣብዚ መድረኽ ዘሕልፎ መልእኽቲ ኣሎኒ

ስክፍታይ ፍርሓተይ ከካፍለኩም እቲ ዘሻቕለኒ

ኣብ ዳግማይ ብረታዊ ቃልሲከይንኣቱ  ዘሰጋኣኒ

እታ ሚስጢር ድሕነትና ሓድነት እያ ኮይና ትስማዓኒ

ናይ ሕድ ሕድ ምጽብጻብ ክውንዘፍ ዝብል ሓሳብ መጺኡኒ

ንኹሉ ግዜ ኣለዎ ዝብል ኣምር ቁልጭ ኢሉ ተራእዩኒ

እታ ናይ ዓወትና ምስጢር ሓድነት ምዃን ተረዲኡኒ

ብሰንካ ድማ ልዑላውነትና ከይትድፈር ኣዝዩ ኣስጊኡኒ

ዋላ ይጸረፍ ፣ ይነቐፍ ናይ ልበይ ክዛረብ ሕልናይ ደሪኹኒ።

ደገፍትን ተቓወምትን ነዚ መድረኽ ኣስተውዕልሉ ኣለልይዎ

ብክፉት ሃገራዊ ሕልና ተንቲንኩም ምዘንዎ

ናይ ኣብዪ ኣሕመድ መደረታት ብዕምቆት ተረድእዎ

ናይ ጀነራል ኣበባው ኣብ ዓሰብ የራኽበና መልእኽቲ ረኣይዎ

ናይ ኩሎም ጀነራላት ኣብዪ ፈኸራ ብዝግባእ ኣስተብህልዎ

ናይ ሊህቃኖም ናይ ኤርትራ ነጻነት ጌጋ እዩ ዝብልዎ

ካብቲ ውሽጢ ልቦም ዝፈልፈለ ብክቱር ዝሃርፍዎ

ወደብ ዓሰብ ክሕዙ ነጻነትና ክቕልብስዎ

ውሑዳት እዮም ብማለት ዓቕምና ዘትንትንዎ

ሓድነት የብሎምን ኢሎም ብምሕጫጭ ዝቓንይዎ

ደገፍትን ተቓወምትን ብትንተና ንኹሉ ምዘንዎ

ብሓድነት ንምክተሉ ግዜ ምዃኑ ብመነጽር ረኣይዎ

ክንቃወምን ክንድግፍን ንኹሉ ዝምጥን ግዜ ኣለዎ

ነንሕድሕድና ንነጻገሉ ሃለዋት ከብቅዕ ኣለዎ
ልዑላውነትና ኣይነድፍርን መድረኻዊ ጭርሖና ክኸውን ኣለዎ
እንተ ክንቃወም እንተስ ክንድግፍ ቅድም ልዑላውነትና ኣዕቁብዎ
ብሓባር ንመክት ዝብል መልእኽቲ ንህዝብና ኣስምዕዎ
ሞራሉ ተሓዲሱ ንልዑላውነቱ ብስምረት ክምክት ጸዉዕዎ
ሰዉእትና ዝገደፉልና ሕድሪ ኩሉ ግዜ ዘክርዎ
ብኸመይ ንመሓደር ዝብል ክንካታዕ ይኽእሉ እዮም ክርድእዎ
ተመቓቒልና ልዑላውንት ከንድፍር ግን ኣይመስለንን ዝጽበይዎ
እሞ ኩላህና ንሕተት ምሳና እንተዝህልዉ ብኸመይ ምረኣይዎ
ሓድነት ግበሩ እሞ ስምረትኩም ኣደልድልዎ
ብማለት ብሓድነት ልዑላውነትና ክንዕቅብ ኢሎም ክመዝመዝንዎ
ህላዌ ሀገረ ኤርትራ ቅድሚ ኹሉ ብማለት ከምዝትንትንዎ
ስለ ዝኾነ ድማ ብሓበር፣ ብጥምረት ሓደራ መክትዎ
ኣይጠራጠርን ከም ዝኸውን ብጽኑዕ ዝላበውዎ።

ልዑላውነትና ኽንዕቅብ ብዘይ ኣፈላላይ ብስምረት
ሃገረ ኤርትራ ኣይነድፍርን ንበል ብሓድነት
መስዋእቲ ጀገኑና ከነኽብር ኣሎና ብስኒት
ዶባትና ከነኽብር ኢና ክንብል ኣሎና ብቓና መለኽት
ወድባትና ኣሕሊፍና ኣይንህብን ብሓደ ሓሳብ ብሓደ ህሞት
ኣይንፈላለን ኢና ብሓንሳብ ኢና ክንምክት
ልዑላውነትን ሃገርነትን ኣይነእቱን ኣብ ናይ ሕቶ ምልክት
መንዩ ተጋግዩ ከመይ ኢልና ኣብዚ ወዲቕና ዝብል ሕቶታት
ነዚ መድረኽ ጠቓሚ ከም ዘይኮነ ርኢና ብህድኣት
መድረኽ ብዝጠልቦ ልቦናዊ ብልሓት፣ ብዘሎና ዓቕሚ ብሕልናዊ ምልኣት

ብሓባር ንጨርሕ መርገጽና ነርኢ ብጥምረት

ንልዑላውነት ብዘሎና ዓቕሚ ክንምክት ብጽንዓት

ናይዛ ግጥሚ ምሉእ ትሕዝቶ ንምንባብ ኣብዚ ጠውቑ

ናይዛ ግጥሚ ጥሕዝቶ ንምንባብ ኣብ zaraselam.com ኣቲኹም ኣብ ናይ ፖለቲካ ገጽ ኣንብቡ